# ቃል ምትእስሳር መንእሰያት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
# ኣብ መበል 24 ሓባራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 2009 ፍራንክፉርት
# 08.08.2009




ኣማኒኤል በራኺ

ዝኸበርካ ኣቦ መንበር
ክቡራት ኣባላት ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ሰልፊ ዲሞክራሲን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን
ክቡራት ኣባላት መሪሕነትን መሰረታትን
ዕዱማት ኣጋይሽ

ዕዉት መበል 24 ሓባራዊ ፈስቲቫል ኪኸውን ብስም ምትእስሳር መንእሰያት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ እናተመነኹ፡ ነዚ ናይ 2009 ፈስቲቫል ፍሉይ ድምቀት ዝህቦ፡ ኣብ ጩራ ሓድነት ሰለስተ ሰልፍታት ምብዓሉ'ዩ። ኣብ መንጎ ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስን ምንቅስቓስ ጋሽ ሰቲትን ተበጺሑ ዘሎ ናይ ሓድነት ስምምዕ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ንመንእሰያት ከኣ ብፍላይ ተስፋ ዝህብ፣ ኣብ ናይ ለውጢ መስርሕ ከኣ ልዑል ኣበርክቶ ክህልዎ ምኻኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ልክዕ'ዩ፡ ክሳብ ሕጂ ዝጸንሔን ዘሎን ኣገባብ ኣካይዳን ኣቀላልሳን ደንበ ተቃውሞ፡ ነቶም ናይ ተቃውሞ መርገጽ ዘለዎም መንእሰያት ጠርኒፉ፡ ንተርኦም ዘሕይልን ግዲኦም ክዋስኡ ባይታ ዝፈጥርን ሰሓብን ኣይነበረን።

ስለዚ ዘሎናዮ መድረኽ ኣዝዩ ምዕቡልን ሓዲሽን ዝኾነ ናይ ቃልሲ ጥበብ፡ ናይ ቃልሲ ምዕራፍ፡ ናይ ቃልሲ መንፈስ ዝሓዘለ፣ ንመጻኢት ኤርትራ ዝጠመተ፣ ንመንእሰያት ዝሓቆፈ፡ ፖለቲካዊ ኣሰራርሓን ጥርናፈን ይጠልብ ኣሎ።

ካብዚ ብምብጋስ'ውን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መስራትን ቀዳማይን ጉባኤ ንተራ መንእሰያት ንምሕያልን ንግቡእ ግዲኦም ክጻወቱ ባይታ ንምፍጣርን፡ ከምኡ'ውን መንእሰያት ኣብ መጻኢት ኤርትራ ልሉይ ተራ ክህልዎም ፍሉይ ኣትኩሮ ዝገበረሉ።

ንሕቶ መንእሰያት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምስ መጻኢ ራእይ ሰልፊ ኣተኣሳሲሩ ስለዝርእዮ፡ ካብዚ ዕግበት እዚ ነቒሉ፡ ንመጻኢ ዕድል ሃገርና ኣማዕድዩ ክጥምት ከሎ፣ ንጉዳይ መንእሰያት ኣብ ቀዳማይ ቦታ'ዩ ዝሰርዖ። ኤርትራ ብዓቕምን ብርታዐን መንእሰያት እያ ክትምዕብል ትጽቢትና።

መንእሰይ ብባህርያቱ እቲ ቀንዲ ኣዋዳድን ኣንቓሳቓስን መራሕን ናይ ለውጢ ሓይሊ ምኻኑ ኣብ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ኣመስኪሩ እዩ። ይኹን'ምበር ኣብዚ ዘሎናዮ ጊዜ መንእሰይ ኤርትራ ኣብ ተቓውሞ ተጠርኒፉ ፍትሒ ኣብ ኤርትራ ክነግስ ዝገብሮ ተሳትፎ ዉሑድ ምኻኑ ኢና ንዕዘብ።

ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ መንእሰይ ድማ ብፍላይ፡ ካብ ምልኪ ህ.ግ.ዲ.ፍ.፡ እንትርፎ ሰብኣዊ ግህሰታትን ውርደትን ዝረኸብኦ መሰል ከምዘየሎ ኩሉ ዝፈለጦ መሪር ሓቂ እዩ። ስለ'ዚ እቶም ካብ'ዚ ጨኻኒ ስርዓት ዕድል ረኺቦም ህይወቶም ዘድሓኑ መንእሰያት፡ ምእንቲ መባእታዊ መሰልን ዲሞክራስያዊ ለውጥን ክብገሱ ይግባእ።

ብፍላይ ድማ መንእሰያትና ከም ናይ ለውጢ ሓይሊ መጠን ዝተጋህሰ ክብሪ ህዝብና ንምምላስ ዝያዳ ናይ ቃልሲ ሓላፍነት እትጥለቡሉ እዋን እዩ።

ወኪል ምትእስሳር መንእሰያት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
ጽን ኢልኩም ስለ ዝሰማዕኩሙኒ የቀንየለይ